*Insticksblad till SABOs broschyr **Skydda dig mot brand***
*Språk: Tigrinja*

*Sidan 1 ገጽ 1*

# ሓደጋ ባርዕ ብኸመይ ተወግዱ

*ሓበሬታ ንዓኽኣትኩም ነቶም ኣብ ገዛ-ክራይ እትነብሩ።*

*Sidan 2 ገጽ 2*

**ኣድሕን**
ነብስኹም ካልኦት ንሓደጋ ተሳጥሑን ኣድሕኑ።

**ኣጠንቅቕ**
ኩሎም ኣብ ከባቢ ናይቲ ሓደጋ ባርዕ ዘለዉ ሰባት ኣጠንቕቑ።

**ናብ ህጹጽ መስመር ደውሉ**
112 ደውሉ። ደዋልኩም መን ምዃንኩም` እቲ ዝቃጸል ዘሎ እንታይ ምዃኑን ኣብ ውሽጢ ዝተዓጽዉ ሰባት ምስ ዝህልዉን ሓብሩ። ኣባላት ድሕነት ሓደጋ ባርዕ ምስ መጽኡ ርኸብዎም ኢኹም።

**ኣጥፍእ**
ብዘይዝኾነ ሓደጋ ነቲ ሓዊ ከተጥፍእዎ ትኽእሉ ኮይኑ ምስ ዝስመዓኩም ኣጥፍእዎ ኢኹም።

*Sidan 3 ገጽ 3*

**ክቃጸል ምስ ዝጅምር**
ገዛ ሓዊ ክቃጸል ምስ ዝጅምር፡ ኣብ ውሽጢ ሒደት ደቓይቕ ገዛ ብምሉኡ ብትኪ ይዕብሎኽ። ከምዚ ዓይነት ኩነታት ምስ ዝኽሰት እምበኣር፡ ብቕልጡፍ ክትውስኡ ኣልኩም። እዚ ኮይኑ ግን እትወስድዎ ስጉምታት ቅኑዕ ክኸውን ኣለዎ።

- ኣብታ ዘለኹማ ክፍሊ ምቅጻል ምስ ዝጅምር፡ እቲ ሓዊ ናብ ካልእ ክፋላት ገዛ ክይልሕም ክትድርትዎ ፈትኑ። ብድሕሪ`ዚ ክትወጽኡ ፈትኑ። ናብ ህጹጽ ቁጽሪ 112 ደውሉ።
- ገዛ ጎሬበትኩም ክቃጸል ምስ ዝጅምር ወይ ውን ኣብ መደያየቦ ትኪ ምስ ትርእዩ፡ ኣብ ገዛኹም ጽንሑ። ብትኪ ዝዓብሎኽ መደያይቦ ኣቢልኩም ክትወጽኡ ኣይትፈትኑ! ናብ ህጹጽ ቁጽሪ 112 ደውሉ። ሰብ ክርእየኩም ምእንቲ ብወገን ፍኒስትራ ወይ ውን ኣብ ባልኮኒ ተጻግዑ።

**ብውሑስ መንገዲ ክትወጽኡ ፈትኑ**
ኣብ እዋን ሓደጋ ባርዕ እቲ ዝዓበየ ኣሸጋሪ ነገር ትኪ እዩ። መብዛሕትኦም ብሓደጋ ባርዕ ዝሞቱ ሰባት ብሃልሃልታ ናይቲ ባርዕ ዘይኮነ ብትኪ እዮም ዝሞቱ። ካብቲ ዝባራዕ ዘሎ ገዛ ወይ ክፍሊ ክትወጽኡ ክትፍትኑ እንከለኹም፡ ኣበይ ኣለኹም ክትፈልጡ ኣጸጋሚ ዝገብሮ ትኪ እዩ። ትኪ ወትሩ ንላዕሊ ገጹ ይተክኽ። ኣብ ምድሪ-ቤት፡ ትሕቲ እቲ ዝተክኸ ትኪ፡ ዝያዳ ክትርእዩን ከተተንፍሱን ትኽእሉ። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ፍሑኽ ብምባል ክትወጽኡ ፈትኑ።

*Insticksblad till SABOs broschyr* ***Skydda dig mot brand***
*Språk: Tigrinja*

**ሓዊ ከይልሕም ደርትዎ**

ገዛኹም ክቃጸል ምስ ዝጅምር እሞ ኸኣ ከተጥፍእዎ ምስ ዘይትኽእሉ፡ ነቲ ሓዊ ናብ ካልእ ክፋላት ገዛ ከይልሕም ደርትዎ። ሓገዝ ዘድልዮም ምስ ዝህልዉ ርድኡ። ኩላትኩም ኣብ ውሽጢ ዘለኹም ምስ ወጻእኩም ነቲ ማዕጾ ዕጸውዎ። ብትኪ ዝዓብሎኹ ክፍሊ ካብ ምእታው ተቖጠቡ። ኣብ እዋን ባርዕ መደያየቢት ከይትጥቀሙ።

**ትኪ ዝዓብሎኽ መደያይቦ ረጊጽኩም ክትወጽኡ ከይትፍትኑ!**

ገዛ ጎሬበትኩም ክቃጸል ምስ ዝጅምር፡ መደያይቦ ኸኣ ብትኪ ምስ ዝዕብሎኹ - ኣብ ገዛኹም ከይኑም ክረድኡኹም ተጸበዩ። ሓንቲ ገዛ ክትቃጸል ብገምጋም ሓደ ሰዓት ይወስደላ። ማዕጾ ናይ ገዛ ኸኣ ምሉእ ብምሉእ ተቃጺሉ ክሃሙኽ ፍርቂ-ሰዓት ይወስድ።

**ሓዊ ብኸምዚ ኣገባብ ከተጥፍኡ ትኽእሉ**

ንኡስ ዝኾነ ምቅጻል ሓዊ ብዘይዝኾነ ነገር ክጠፍእ ይኽእል እዩ። ኣብ እቶን መግቢ እንዳኸሸነኩም ሓዊ ክቃጸል ምስ ዝጅምር፡ ነቲ ሓዊ ብመኽደን ወይ ውን ብኣንሶላ መጥፍኢ ሓዊ ጌርኩም ኣጥፍእዎ። ስብሒ ወይ ውን ተባራዕቲ ፈሰስቲ ዓብዒብካ ጥራይ ኢኻ ተጥፍኦም። ኣብ ልዕሊ ዝቃጸል ዘሎ ስብሒ ወይ ውን ዘይቲ ማይ ምስ እተፍስሱ እቲ ሃልሃልታ ፋሉል ከይዱ ናብ ካልእ ልሒሙ ሓደገኛ ጉድኣት ባርዕ ከስዕብ ይኽእል። ዕንጸይቲ፡ ወረቐት ወይ ውን ጨርቂ ግን ብማይ ወይ ውን ብነጸላ መጥፋኢ ባርዕ፡ ምንጻፍ ወይ ውን ከምኡ መሳሊ ዓብዒብኩም ክተጥፍእዎ ትኽእሉ።

**መጥፍኢ ሓዊ**

መሰርሒ መጥፍኢ-ሓዊ ኣብ ገዛ ክህልወኩም ጽቡቕ እዩ። ነኣሽቱ ባርዕ ሓዊ ቀልጢፍኩም ከተጥፍኡ ይሕግዘኩም። እቲ ዝበለጸ ንገዛ ዘገልግል መጥፍኢ-ሓዊ 6 ኪሎ ዝኽብደቱ ፑልቨር-ስሌካረን ነጸላ መጥፍኢ-ሓውን እዩ። ብፑልቨር-ስሌካረ መብዛሕትኦም ንኡሳት ምቅጻላት ክተጥፍኡ ትኽእሉ።



**ብኸምዚ ድሕነትኩም ክትሕልዉ ትኽእሉ**

ካብ ሓደጋ ባርዕ ነብስኹም ከተድሕኑ ምእንቲ እዚ ዝስዕብ ነገራት ክትገብሩ ኣለኩም፡

- ኣብ ገዛኹም ኣጠንቃቒት ባርዕ፡ መጥፍኢት-ባርዕ ከምኡ ውን ነጸላ መጥፍኢ ሓዊ ከም ዘለኩም ኣረጋግጹ።
- ኣጠንቃቒት ባርዕ ሓሓሊፍኩም ትሰርሕ ምህላዋ ኣረጋግጹ።
- መደያይቦን መተሓላለፊ መኻዚኖታትን ንብረት ብምቕማጥ ኣይትዕጸዉዎ።
- መግቢ ክትክሽኑ እንከለኹም ካብ ክሽነ ኣይተርሕቁ።

**ኣጠንቃቒት ሓደጋ ባርዕ**

ደቂስኩም እንከለኹም ገዛኹም ክቃጸል ምስ ዝጅምር፡ ኣጠቃቒት ሓደጋ ባርዕ ሂወትኩም ከተድሕነኩም ትኽእል። ነቲ ትኪ ምስ ዳህሰሰት ካብ ሓደጋ ባርዕ ተጠንቅቐኩም። ኣጠንቃቒት ባርዕ-ሓዊ ምልክት ክትገብር እንከላ ክትሰምዕዋ ምእንቲ ኣብ ትስማዓሉ ቦታ ክትህሉ ኣለዋ። ኣብ ዓበይቲ መንበሪ-ኣባይቲ ካብ ሓደ ንላዕሊ

ኣጠንቀቕቲ ባርዕ ክህልውኦ ኣለወን። ንኣብነት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መደቀሲ-ክፍሊ ሓንቲ ክትህሉ ኣለዋ። ካብ መንደቕ 50 ሴንቲ-ሜተር ርሒቓ ኣብ ናሕሲ ክትንጥልጠል ኣለዋ።

ኣጠንቃቒት ባርዕ-ሓዊ ትሰርሕ ምህላዋ ሕልፍ ሕልፍ ኢልኩም ተቆጻጸርዋ። ብውሑዱ ሓንሳብ ኣብ ወርሒ ወይ ንነዊሕ ካብ መበሪ-ገዛኺኡም ንነዊሕ ተፈሊኹም ድሕሪ ምጽናሕ። ናይ ፈተነ መልጎም ብምጥዋቕ ኢኹም ትፍትንዎ። ባትሪ ከም ዝተዳኸመ ወይ ውን ሞይቱ ከም ዘሎ ምልክት ድሕሪ ምርኣይኩም ሓድሽ ባትሪ ቀይሩላ ኢኹም።

ኣጠንቃቒት ባርዕ-ሓዊ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ኣጽርይዋ። ነቲ ደሮና ካብኡ ኣሊኹም ንደጌኣዊ ክፋል ውን ኣንቅጽዎ።

**ማዕጾ ብመፍቲሕ ጌርኩም ምሽጋጥ ኣይተዘውትሩ**
ኣብ ውሽጢ ገዛ እንከለኻ ብውሽጢ ውን ነቲ ማዕጾ ብመፍቲሕ ጌርካ ክትዓጽዎ ይከኣል እዩ። ሓደጋ ባርዕ ምስ ዘጋጥም ግን ቀልጢፍኩም ክትወጹ ዕንቅፋት ክፈጥረልኩም ይኽእል እዩ። ነቶም ኣብ እዋን ሓደጋ ከድሕኑኹም ዝኻሉ ኣባላት ድሕነት-ባርዕ ውን ንኽኣትዉ ክዕንቅፎም ይኽእል እዩ።

**ኣጥፋኢ እቶን**
ኣጥፋኢት እቶን፡ ብቐጥታ ንኩነታት እቶን እትቆጻጸር ሓጋዚ መሳለጥያ እዩ። እዛ መሳለጥያ ኣብ ውሽጣ ዝገጠመ ቆጻሪ-ግዜ ወይ ታይመር ሃልይዎ፡ እቶን ንነዊሕ ሰዓታት ትወሊዑ ምስ ዝጸንሕ ወይ ውን ክቃጸል ምስ ዝጅምር ባዕሉ ከም ዝዕጾ ይገብር።

**ኢንሹራንስ**
ኢንሹራንስ ካብ ሓደጋ ባርዕ ኣየድሕነካን እዩ። ሓደጋ ባርዕ ምስ ዘጋትም ግን እቲ ዝዓኑ ንብረት ንምትካእ ድጋፍ ክኾነኩም ይኽእል እዩ። ዝርዝር ንብረትኩምን ስእሊ ናይቲ እትውንንዎ ንብረትን ኣብ ውሑስ ቦታ ዓቅብዎ።

**ሓባራዊ ክፋላት ህንጻ**
መደያይቦ ሓባራዊ ቦታ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ሰራሕተኛታት ድሕነት-ባርዕ ብቐሊል መጺኦም ሰብ ክረድኡ ምእንቲ ዝኾነ ንብረት ብምቕማጥ ክዕጾ የብሉን። ዓረብያ-ቆልዑ፡ ሳእኒ፡ ሽግሌታ ብፍጹም ኣብ መደያይቦ ወይ ውን ማዕጾ ህንጻ ክቕመጡ የብሎምን። ጎሓፍ ዝሓዘ ፌስታል፡ ኣቍሑ ወይ ውን ካልእ ነገራት ውን እንተኾነ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ቦታታት ክቕመጥ የብሉን። እዞም ዝተጥቕሱ ነገራት ኣብ መተሓላለፊ መኻዚኖ ከምኡ ውን ኣብ ቅድሚ መኻዚኖታት ውን ክቕመጡ የብሎምን። እዚ ዝተጠቕሰ ንብረት ኣብ ቅድሚ`ዚ ዝተጠቕሰ ቦታታት ብምቕማጡ ምርኣዩ ውን ዘይሰሓቢ ይኸውን ጥራይ ዘይኮነስ ንሓደጋ-ባርዕ ውን የሳጥሕ። ሓደ ካብ ኣርባዕተ ናይ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ባርዕ ብኢድ-ሰብ ኮነ ኢልካ ዝተፈጥረ እዩ።

*ኣብ መደያይቦታትን ካልእ ሓባራዊ ቦታታትን ኣቍሑ ምኹማር ባርዕ ምስ ዘጋጥም ሓደገኛ እዩ።*

**ኣብ ክሽነ ከጋጥም ዝኽእል ሓደጋ**
ሙቐት እንዳለዓለ ምስ ዝመጽእ፡ ስብሕን ዘይትን ክቃጸሉ ይጅምሩ እዮም። ክትጠብሱ እንከለኹም መኽደን ኣብ ቀረባ ክህልወኩም ኣለዎ። ኣብ እቶን፡ ሓዊ ክቃጸል ምስ ዝጅምር ዓብዒብኩም ኢኹም ተጥፍእዎ። ነዚ ኸኣ ብቐሊሉ ብመኽደን ድስቲ ክትገብርዎ ትኽእሉ። መግቢ ክትሰርሑ እንከለኹም ካብ ክሽነ ኣይተርሕቑ።

እቲ ጨና መግቢ ዝስሕብ ፊልተር ክሽነ ኣጽርይዎ። ኣብዚ ፊልተር ስብሒ ይተርፍ እዩ። ሓዊ ምቅጻል ምስ ዝጅምር ከኣ ብቐሊሉ ተቓጺሉ ናብ ካልእ ክፋላት ክሽነ ክሰጋገር ይገብር። ብመንገዲ ትቦታት ንፋስ ኣቢሉ ከኣ ናብ ካልእ ክፋል ገዛ ይልሕም።

*Sidan 5 ገጽ 5*

መግቢ ክትሰርሑ እንከለኹም ካብ ክሽነ ኣይተርሕቑ!

*Sidan 6 ገጽ 6*

*መደያይቦ መውጽኢ ኹም ካብ ሓደጋ እዩ። ዝኾነ ምውጻእ ዝዕንቅፍ ነገር ከይተቐምጡሉ!*

*Sidan 7 ገጽ 7*

**ኣብ ግምት ክተእትውዎ ዝግባእ ነገራት**

- ማሺናት ኣቑሑ ገዛ፡ ጸዕዳ ኣቑሑ ከም ፍሪጅ ወዘተ፡ ቻርጀር ናይ ብኤለትሪክ ዝሰርሕ ኣቝሑ ብቑልጡፍ ናይ ምቕጻል ባህሪ ኣለዎ። በዚ ዕእይነት ነገራት ዝድረኽ ምቅጻል ሓዊ ተኽእሎታቱ ንምንካይ ነዞም ዝተጠቕሱ ነገራት ብስነስርዓት ብቕኑዕን ኣገባብ ምጥቃም የድሊ።
- ዝተወልዐ ሽምዓ ገዲፍኩም ኣይትዛነዩ!
- ካብ ሽጋራ፡ ርችትን ካልእ ምቅጻል ከስዕቡ ዝኽእሉ ፈሰስትን ተጠንቀቑ።

**ብኤለትሪክ ዝሰርሑ ኣቑሑ**
ቻርጀር፡ ቲቪ፡ ኣምፑላትን ኮምፕዩተራትን-ክረስኑ ዝኽእሉ ብዙሓት ናይ ገዛ ኣቑሑ ኣለዉ። እዚ ኸኣ ሓደ ካብቲ ልሙድ ምኽንያታት ሓደጋ ባርዕ-ሓዊ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ከይትኸድንዎም ተጠቀቑ። መሳለጥያታት ክንክን ይደልዩ እዮም። ኩሎም ሶኬታትን መሰኩዒታትን ምሉኣት ምኟኖም ኣረጋግጹ። ልዕሊ ሓይሊ ኤለትሪክ ናይቲ መመንጨቂ ዝኾነ ተሪር ኣምፑል ኣይትጠቐሙ።

*መሳለጥያታት ኣቑሑ ገዛ*
ናይ ካፌ-ማሺን፡ ፊሮን መጥበሲ-ባኒን ተጠቂምኩም ድሕሪ ምውዳእ ነቲ ሶኬት ኣውጽእዎ።

*ቲቪ፡ ኮምፒተር፡ ስፒከርን ሞባይልን*
ቲቪ ከይቃጸል ምእንቲ ወትሩ ርኢኹም ምስ ወዳእኩም፡ ብሪሞት ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ስዊች ኣጥፍእዎ። ቲቪ፡ ቪድዮ፡ ኮምፕዩተር ከምኡ ውን ስፒከር ኣብ ንፋስ ምእንቲ ክሃርሞ ኣብ ክፉት ቦታ ክቕመጥ ኣለዎ። ተሌፎንኩም ይኹን ኣይፓድኩም ኣብ ገዛ ከይደቀስኩም እንከለኹም ቻርጅ ግበርዎ። ነቶም ቻርጅ ትገብርዎም ነገራት ኣብ ንቑጽ ቦታ ኣቐምጥዎ። ከይቃጸል ምእንቲ ኣብ ጨርቂ መሳሊ ነገራት ኣይተቐምጥዎም።

*መሕጸቢ ክዳንን ኣቑሑን*
መሕጸቢ ክዳውንቲ፡ መንቀጺ ክዳውንቲ ከምኡ ውን ውን መሕጸቢ ኣቑሑ ክቃጸል ክጅምር ካብ ዝግምቶ ንላዕሊ ኣዝዩ ልሙድ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ነዞም ዝተጠቕሱ ማሺናት ወሊዕካ ምድቃስ ወይ ውን ንደገ ምኻድ ሓደገኛ ይገብሮ።

**ዝቃጸሉ ፈሰስቲ**

ክቃጸሉ ዝኽእሉ ፈሰስቲ ከም በንዚን፡ ቀያሕቲ ፈሰስትን ፓራፊንን ኣብ መትሓዚኦም ክዕቀቡ ኣለዎም። ቆልዑ ኣብ ዘየርክብዎ ቦታታት ውን ክቕመጡ ኣለዎም። እዞም ፈሰስቲ ተበራዒ ዝኾነ ጠሸሽ ዝብል ነገር ስለዘፍልቑ መጋርያ ንምእጓድ ወይ ውን ንምጥባስ ክትጥቀመሎም ሓደገኛ እዩ።

ኣብ ውሽጢ መንበሪ-ገዛኹም እተቕምጥዎ መጠን ሓደገኛ ፈሳሲ ኣዝዩ ውሑድ ይኹን። እንተበዝሐ 10 ሊትሮ። ኣብ ናይ ታሕቲ ወይ ውን ናይ ላዕሊ መኻዚኖ ብፍጹም ከተቕምጥዎም። ዝተጠቀምናሎም መድረዚ ኣጭርቕቲ ይኹኑ መፋሕፍሒ ንገዛእ ርእሶም ክቃጸሉ ስለዝኽእሉ፡ ብውዑይ ማይ ሓጺብኩም ንፉስ ኣህርምዎም።

**ሓደገኛነት ምትካኽ ሽጋራ**

ብዙሓት ሰባት ድሕሪ ምቅጻል ገዛ ሂወቶም ዝስእኑሉ ቀንዲ ጠንቂ ብሽጋራ ዝተላዕለ ሓደጋ ባርዕ እዩ። ሓደ ሰብ ክመውት ሓዊ ኣየድልዮን እዩ። እቲ ካብ ምቕጻል ንብረትን ክዳውንትን ዝወጽእ ካርቦን ሞኖክሳይድ ዝሓዘ ትኪ ህወት ሰብ ክሕልፍ እኹል እዩ። ኣብ ዓራት ወይ ውን ሶፋ ኮይንካ ሽጋራ ምትካኽ እምበኣር፡ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ዝተኣከበ ቺካ ናይ ሽጋራ ኣብ ፌስታል ከተእትዉ ወይ ክትጕሕፉ እንከለኹም፡ እቲ ቺካ ምሉእ ብምሉእ ጠፊኡ ምህላዉ ኣረጋግጹ። ካብ ስክፍታ ንምንጋፍ፡ ቅድሚ ምጕሓፍኩም ነቲ ቺካ ማይ ከዓዉሉ።

**ዝተወልዐ ሽምዓን ርችትን**

ሽምዓ ክትውልዑ ምስ እትደልዩ፡ ካብ ዘይቃጸል ነገር ዝተሰርሑ ውሑሳት ደው-መበሊ ሽምዓ ተጠቀሙ። ካብ ጨርቂ ዝተሰርሑ መትሓዚ ሽምዓ ሓደገኛታት እዮም። እቲ ሽምዕኦ ካብ ክቃጸል ዝኽእል ነገራት ኣርሒቕኩም ኣቕምጥዎ። ሽምዓ ኣብ ጣውላ ወይ ውን ሰደቓ ኣይትትከሉዎ። ቆልዑ ኣብ ጥቓ ሓዊ ወይ ቃልቃል ዝብል ዘሎ ሽምዓ ንበይኖም ኣይትግደፉዎም። ጠቓሚ ክኸውን ዝኽእል ሕጊ፡ ነቲ ሽምዓ እቲ ዝወልዖ ሰብ ከጥፍእ ኣለዎ ዝብል ወይ ውን እቲ ኣብ መወዳእታ ካብታ ክፍሊ ዝወጽእ ሰብ የጥፍኦ ዝብል ሕጊ ምስ ዝነግስ ተመራጺ እዩ።

ርችት ሓደጋ ባርዕ-ሓዊ የኸትሉ እዮም። መምርሒታት ርችት ተኸተሉ። ርችት ምስ ወላዕኩሞ ኣብ ባልኮን፡ መስኮት ወይ ውን ካልእ ዝቃጸል ቦታ ከይዓልቡ ተጠንቀቑ።



**ሓበሬታ ብዛዕባ ባርዕ-ሓዊ**

**ኣብዚ ዝስዕብ ክቃጸል ምስ ዝጅምር ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ተጥፍእዎ፡**

*Insticksblad till SABOs broschyr **Skydda dig mot brand***
*Språk: Tigrinja*

ክዳውንቲ
ሓደ ሰብ ዝተኸድኖ ክዳን ክቃጸል ምስ ዝጅምር ንምጥፋኡ ቀልጢፍካ ምውሳእ የድሊ፡ ነቲ ሰብ ኣብ መሬት ኣደቅስዎ። ነቲ ሓዊ ብነጸላ መጥፍኢ-ሓዊ ወይ ውን ኣብ ኢድኩም ዝበሎ ነገር ጌርኩም ዓብዒብኩም ተጥፍእዎ። ቍልዒ ብወገን ገጽ ናይቲ ሰብ ከይሰሉኽ መታን፡ ነቲ ነጸላ መጥፍኢ-ሓዊ ብርእሲ ጀሚርኩም ንታሕቲ ገጽኩም ኣውርድዎ።

ዕንጸይቲ፡ ጨርቂ ወረቐት ወይ ውን ኣቍሑ
ብነጸላ መጥፍኢ-ሓዊ፡ ብማይ ወይ ውን መጥፍኢ-ሓዊ ናይ ኢድ ጌርኩም ኣጥፍእዎ።

ዘይቲ ወይ ውን ስብሒ
ኣብ እቶን ሓዊ ክቃጸል ምስ ዝጅምር፡ ብመኸደን ጌርኩም ነቲ ሓዊ ብምዕብዓብ ኣጥፍእዎ። ነጸላ መጥፍኢ ሓዊ ውን ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። ሰሓቢት ጨና ክሽነ ዕጸዉዋ። ኣብ ድስቲ ወይ ውን ባዴላ ዝጀመረ ሓዊ ብማይ ከተጥፍእዎ ኢልኩም ብፍጹ ከይትፍትኑ!

ሽምዓ
ነጸላ መጥፍኢ-ሓዊ ጊርኩም ዓብዒብኩም፡ ካልእ ነገር ወይ ውን መጥፍኢ-ሓዊ ናይ ኢድ ጌርኩም ኣጥፍእዎ።

ኣለክትሪካዊ መሳርሒ
መጀመርያ ሶኬት ሰሓብዎ። ብድሕሪኡ ብማይ ወይ ናይ ኢድ መጥፍኢ-ሓዊ ጌርኩም ኣጥፍእዎ። ዝከኣል ምስ ዝኸውን ነቲ ኣቕሓ ናብ ነጻ ቦታ ከም ባልኮኒ ኣውእዎ።

ባርዕ-ሓዊ ከስዕብ ዝኽእል ፈሳሲ
ነቲ ሓዊ ብናይ ኢድ መጥፍኢ ሓዊ፡ ዓብዒብኩም ወይ ውን ብኻልእ ነገር ኣጥፍእዎ።

**ትፈልጡ`ዶ...**

- ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ካብ ሚእቲ ንላዕሊ ሰባት ይሞቱ። 9 ካብ 10 ናይቶም ሓደጋታት ባርዕ-ሓዊ ኣብ መንበሪ-ኣባይቲ እዩ ዘጋጥም።
- መብዝሕትኦም ናይቶም ብሓደጋ-ባርዕ ዝሞቱ ሰባት ብጓህሪ ዘይኮነ ብትኪ እዮም ዝሞቱ።

**ሓደጋ-ባርዕ ክገትእ ዝኽእል ምኽሪታት**

- ኣብ ዓራት ብፍጹም ሽጋራ ኣይተትክኹ።
- መሕጸቢ ኣቍሑ፡ መሕጸቢ ኪዳን ወይ ውን መንቀጺ ኪዳን ተወሊዑ እንከሎ ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ።
- ኤለትሪካዊ ኣቍሑ ወይ መሳርሒ ብዝኾነ ነገር ኣይትሸፍንዎ።
- ኣምፑላትን ኣብለጭለጭቲ መብራሀትን ኣብ ጥቓ ዝቃጸል ነገር ወይ ኣብ ዝቃጸል ነገር ከይወድቁ ተጠንቀቁ።
- ጥፍእ-ውልዕ ዝብሉ ዝተበላሸዉ ሻምብቆ መሰል ኣምፑል ቀይርዎም። ክረስኑ ይኽእሉ እዮም። መወልዒት ወይ ስታርተር ውን ቀይሩ።
- መንቀጺ ጸጕሪ፡ ቻርጀር ከምኡ ውን ኮምፒዩተር ኣብ ዘይትጥቀሙሉም እዋን ሶኬቶም ሰሓብዎ።
- ካብ ኳሬንቲ ተጠንቀቑ። ዝተበላሸወ ኳሬንቲ ክቃጸል ይኽእል እዩ።
- ሽምዓ ፍልይ ኣቢልኩም ኣቐምጥዎም። ጥቓ ጥቓ ምስ እትገብርዎም ሙቐት ክብል ስለዝኽእል ሓደጋ ባርዕ ክፈጥር ይኽእል።
- ልዕሊ ዝተወልዐ ሽምዓ ዝኾነ ክቃጸል ዝኽእል ነገር ከምዘየለን ጸኒያም ደው ኢሎም ምህላዎምን ረኣዩ።
- ካብ ክፍሊ ክትወጽኡ እንከለኹም ነቲ ሽምዓ ኣጥፍእዎ!

*Insticksblad till SABOs broschyr* ***Skydda dig mot brand***
*Språk: Tigrinja*

**ልሙዳት መበገስቲ ሓደጋ ባርዕ:**

- ኣብ እቶም ዝተረስዐ መግቢ
- ዝተደርበየ ሓዊ
- ምትካኽ ሽጋራ
- ዝተወልዐ ሽምዓ